ቤት ምኽሪ ንግዲ ዘፈር ማሕበራት መቐለ ንህንፀት ሓፁር ኢግዚቭሽን ማእኸል ዝውዕል ሓሸዋ፣ ጃህያይ፣ እምኒን ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ሕዳር 22, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 29, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 29, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መኽዝን/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/

ተ.ቁ	ዓይነት ንብረት	መዐቀኒ	በዝሒ	ናይ ሓደ ዋጋ	ጠቕላላ ዋጋ
1	ሓሸዋ	$16m^3$	5		
2	ጃህያ በዓል 3	$16m^3$	3		
3	እምኒ (ፀሊም)	$16m^3$	35		

1 ዝተሓደሰ ናይ 2010/11 ዓ/ም ፍቃድ ንግዲ ዘለዎ

2 ዝተሓደሰ መቅረባይነት ዘለዎ

3 ናይ ቫት ወይም ቲኦቲ ከፋሊ ዝኾነን ናይ ቲን ሰርቲፊኬት ዘለዋን

4 ተወዳደርቲ ኣብ ትመልኡዎ ጨረታ ሰነድ ማህተም፣ ፊርማን ምሉእ ኣድራሻን ምስ ቁፅሪ ስልኪ ክትገብርሉ ይግባእ።

5 ሰዓራይ እዚ ጨረታ ኣብ ውሽጢ 5ተ መዓልቲ ኣታዊ ክገብር ዝኽእል፤

6 ተጫረቲ ዝወዳደርሉ ዋጋ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሰደቃ ቀሪቡ ዘሎ ናይ ነፀላ ዋጋን ጠቕላላ ዋጋ መምልኢ ግልፂ ብዝኾነ መንገዲ ክመልኡ ኣለዎም።

7 ናይቲ ዘቅረቦ ጠቕላላ ዋጋ 3% ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ሲፒኦ ምስቲ ጨረታ ሰነድ ዓሺጎም ከቅርብ ዝኽእል፤

8 ተጫረቲ ዘቅረብዎ ዋጋ ቅድሚ ቫት ወይም ቲኦቲ ምኻኑ ብግልፂ ከቀምጡ ይግባእ። ኮይኑ ግና ምንም ዓይነት መብርሂ ተዘይሃልይዎ ቫት ዝሓወሰ ምኻኑ ርዱእ ከምዝግበር ነፍልጥ።

9 እዚ ጨረታ ኣብ ኣየር ዝፀንሓሉ ግዜ ካብ ዕለት 20/03/2011 ዓ/ም -29/03/2011ዓ/ም ዝፀንሕ ኮይኑ እቲ ጨረታ ሰነድ ካብ ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቐለ ክሳብ ዕለት 29/03/2011 ሰዓት 3:00 ናይ ቅድሚ ሰዓት ዘይምለስ 50.00 ብር ብምክፋል ምውሳድ ዝከኣል ኮይኑ እቲ ጨረታ በቲ ዕለት ሰዓት 4:00 ናይ ቅድሚ ሰዓት ተዓፅዩ ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይም ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት። ተጫረቲ ወይም ሕጋዊ ወከልቶም ዘይምርካቦም ንቲ ከይዲ ምክፋት ጨረታ ከምዘየተኣጎጉሎ ክንሕብር ንፈቱ።

10 ትካልና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብኽፋል ወይም ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኺ ሓበሬታ ስ.ቁ 0344-410671/414473/416554 ደዊልካ ምሕታት ይከአል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle